# መግለጺ ሓዘን ግዳያት ባሕሪ ዜጋታትና
## ኣብ ከተማ ፖርትላንድን ከባብያን

ነቲ ኣብ ላምፔዱሳ ዓዲ ጥልያን ብዘጋጠመ ናይ መርከብ ሓደጋ ምኽንያት ዝሃለቑ ኤርትራውያን ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን ንምግላጽን ንመወቲ መንግስተ ሰማያት የዋርሶም ንቤተሰቦም ድማ ፅንዓት ይሃቦም ብምባል ናይቲ ሓዘን ተካፈልቲ ምኳንና ንምግላጽ ኣብ ኮሚኒቲ ኤርትራ ፖርትላንድን ከባቢኣን ብ 26 ጥቅምቲ 2013 ሽምዓ ብምውላዕ ናይ ሕልና ጸሎት ኣካይድና።

ኣብ መጻኢ ከምዚ ዘኣመሰለ ሓደጋ ከጋጥም ከኣ ብሓባር ኮይና ነዚ ዝስዕብ ውሳኔን ጻውዒትን ነቕርብ።

ነቲ ናብ ሓሙስ 3ተ ጥቅምቲ 2013 ኣብ ላምፐዱሳ ኢጣልያ ሂወት ኣማኢት ኤርትራውያን ኣፍሪቃውያንን ዝቐዘፈ
ሓደጋ ጃልባ ማሕበረሰብ ዓለም ህጹጽ ቀላሕታ ክገብረሉ ንጠልብ።

ኣብ ማያዊ ዶባት ሊብያን ኢጣልያን (Mediterranean Sea) ዝግበር ዘሎ ዘይሕጋዊን ዘይንቡርን ስግረ-ዶብ ብቕጽበት
ደው ክብል ንሓትት።

ዓመጽትን ስሱዓትን ዘይሕጋዊያን ነጋዶ ስግረ ዶብ ቕጽበታዊን ሕጋዊን ስጉምቲ ክውሰደሎም ንጽውዕ።

ዝምልከተን ሃገራት ብፍላይ ከኣ ኢጣልያን ሊብያን ን ማያዊ ዶባተን ጽኑዕ ምክትታል ክገብራሉ ንላበው።

ነቲ ውሕስነት ዘይብሉ ዘይሕጋዊ ናብ ሞትን ሓደጋን ዘቃልዕ ዘሎ ብጀላብ ዝግበር ምስግጋር ንኹንን።

ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ግዳይ ሓደጋ ናይ ዝኾኑ ዜጋታትና ሬሳታት ናብ ዓዲ (ኤርትራ) ዝላከሉ መንገዲ ኣብ
ምቕልጣፍ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ነመስግንን ንድግፍን።

ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ንኸምዚ ዓይነት ተመሳሳሊ ሓደጋ ከይድገም ክነቕሑሉን ነንመቅርቦም ድማ
ኣብ ከምዚ ዓይነት ዘይሕጋዊን ዘውሑስን ስጉምቲ ከይወስዱ ምኽሪን ማዕዳን ክህቡ ንላበው።

ደጊምና ንስድራቤትን መላእ ሃገርን ጽንዓት ይሃብ።
ኤርትራውያን ነበርቲ ፖርትላንድን ከባቢኣን